# ብዛዕባ ደሞዝ ዚገልጽ ሓፈሻዊ ሓበሬታ

### ደሞዝ እንታይ እዩ?

ሰራሕተኛታት ንኣስረሕቶም ግዜኦምን ጻዕሮም የጥፍኡ ከም ዓስቡ ከኣ ወርሓዊ ደሞዝ ይወሃቡ።

### Brutto-Lohn & Netto-Lohn

ኣብ ጀርመን ዝግበሩ ናይ ስራሕ ውዕላት መብዛሕትኡ ግዜ እቲ Brutto-Lohn ይግለጽ እዩ። ካብዚ ኣስራሒኻ ግብሪ ናብ ቤት ጽሕፈት ኣታዊ ዉሽጢ ሃገርን ዉጽኢት ድማ ናብ ክፍሊ ማሕበራዊ ውሕስነት የማሓላልፎ በዚ ከኣ እቲ Netto-Lohn ንዓኻ ይወሃበካ።

### ግዜ ደሞዝ

እቲ ናይ ስራሕ ውዕል ኣስራሒ ደሞዝ መዓስ ኪኽፍለካ ከምዘለዎ ይገልጽ። እዚ ኸኣ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ መወዳእታ እታ እትሰርሓላ ወርሒ ወይ ኣብ መፋርቕ እታ እትቕጽል ወርሒ እዩ ።

### Lohnabrechnung

እቲ ኣስራሒ ቅብሊት ናይ Lohnabrechnung ኪህበካ ግዴታ ኣለዎ ። እቲ መጠን ገንዘብ ክሳብ ዝቕየር ነዚ ወርሓዊ ኽትቅበሎ ኢኻ ።

### ሰዓታት ስራሕ

ኩሉ ግዜ ነቲ ናይ ስራሕ ሰዓታት ብጽሑፍ እንተ ሓዝካዮ ተመራጺ እዩ። ንዕኡ ዝኸዉን ኣብነታት ከኣ ኣብዚ ክርከብ ይኽእል ኢዩ፥ **https://www.faire-integration.de/de/topic/29.arbeitsrecht-allgemein.html > Stundenzettel (PDF)**

### ሕቶታት?

ማእከላት ምኽሪ ፍትሓዊ ዉህደት ዘድልዩ ሓበሬታን ምኽርን ንምሃብ ብሓጐስ ከተኣናግዱ ድልዋት ኢዮም።

ኣድራሻ እቲ ኣብ ከባቢኻ ዚርከብ ማእከል ምኽሪ ኽምኡውን ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ **www.faire-integration.de** ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

**እቲ "ምዉህሃድ ብብቕዓት" ዝብል ናይ ምወላ መደብ ነቶም ዕድመ ዝኣኸሉ ብስደት ዝሓለፉን ሰባት ኣብ ናይ ስራሕ ዕዳጋ ንክወሃሃዱ ንምሕጋዝ ዝዓለመ ኢዩ. ኣብ መላእ ጀርመን ዚርከባ ዞባዉያን መርበባት ትካላት ስደተኛታት በተን ኣብ ጉዳይ ሰደተኛታት ኣተኩረን ዝሰርሓ ኣብያተ-ጽሕፈታት እንዳተደገፋ ኣብዚ ጉዳይ እዚ እንዳሰርሓ ይርከባ ኣለዋ። እዚ መደብ ብፌደራላዊ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ጉዳያትን (BMAS) ከምኡውን ብማሕበራዊ ማዕከን ኣውሮጳ (ESF) ዝምወል እዩ። ኣብ ትግባረ'ዚ መደብ ዝሳተፉ ዘለዉ ከኣ ፈደራላዊ ሚኒስትሪ ትምህርትን ምርምርን (BMBF) ከምኡውን ፌደራላዊ ኣጀንሲ ዕዮን እዮም ።**

Stand: Oktober 2022

Impressum | Herausgeber: Projekt Support Faire Integration, DGB Bildungswerk BUND e.V., Franz-Rennefeld-Weg 5, 40472 Düsseldorf, Redaktion: Marie Bauer und Janna Bieker
Layout: Gereon Nolte, ZWH e.V.

Das Förderprogramm „Integration durch Qualifizierung (IQ)“ wird durch das Bundesministerium für Arbeit und Soziales und den Europäischen Sozialfonds gefördert.

Bundesministerium für Arbeit und Soziales

ESF Europäischer Sozialfonds für Deutschland

Europäische Union

Zusammen. Zukunft. Gestalten.

In Kooperation mit:

Bundesministerium für Bildung und Forschung

Bundesagentur für Arbeit

IQ Netzwerk Integration durch Qualifizierung

FAIRE INTEGRATION

# Lohn

## እዚ ብዛዕባይ እንታይ ይብል!

# እቲ ዝወሓደ ደሞዝ ኣብዚ ኢንዱስትሪ

ኣብ ገሊኡ ኢንዱስትሪታት ፍሉይ Mindestlohn ኣሎ። እዚ ብመሰረት Gewerkschaften ምስ ኣስራ ሕቲ ወይ ምስ ማሕበራት ኣስራሕትን ዝገብርዎ ውዕላት ኢዩ።

## መን እዩ ኺረኽቦ ዚኽእል?

ነፍሲ ወከፍ ሰራሕተኛ ናይዚ ዝስዕብ ኢንዱስትሪታት ምስቲ ናይቲ ኢንዱስትሪ ዝምልከቶ ዝተሓተ ደሞዝ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ -

- ምምሕዳር ጽሬት እንተላይ ጽሬት ጐደናታትን ኣብ ቈራሪ ወርሓት ዝግበር ምጽራግ ጽርግያን
- ብመሰረት ካልኣይ ወይ ሳልሳይ ኣገልግሎት ትምህርትን ስልጠናን ። ደብተር ማሕበራዊ ሕጊ
- ስርሓት ናሕሲ
- ስርሓት ኤለክትሪክ
- ጽሬት ህንጻታት
- ስርሓት ቀለምን ቅብኣን
- ናይ ምእላይ ስርሓት
- ጽሬት መውጽኢ ትኪ
- ስርሓት ማርሞን እምንን
- ግዝያዊ ናይ ስራሕ ቦታታት

ሓበሬታ ብዛዕባ **ደረጃ ናይ ኢንዱስትሪ ዝተሓተ ደሞዝ**:

**www.zoll.de -**> Privatpersonen -> Arbeit -> Übersicht Branchen-Mindestlöhne

# ክንደይ ደሞዝ እየ ክኽፈል ዘሎኒ?

መጠን ኣታዊኻ ኣብ ብዙሕ ረቛሒታት እዩ ዚምርኰስ፡ ንኣብነት -


- ብቕዓት
- ናይ ስራሕ ተሞክሮ
- ዓይነት ኢንዱስትሪ
- ቦታ ስራሕ
- ሓባርዊ ስምምዕ
- ኣባልነት ኣብ Gewerkschaft

ብዝሓሸ እቲ Tariflohn ወይ ናይቲ ኢንዱስትሪ ዝተሓተ ደሞዝ ክትክፈል ኢኻ።
እንተ ወሓደ ከኣ እቲ ሕጋዊ Mindestlohn ክትረክብ ኢኻ።

## ሕጋዊ Mindestlohn

ገለ ፍሉይ ምኽንያታት ገዲፍካ፡ እቲ ሕጋዊ Mindestlohn ንኹሎም እቶም ኣብ ጀርመን ዘለዉ ሰራሕ ተኛታት እንተላይ ነቶም ዉሑድ ሰዓታት ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ዚምልከት እዩ።

## እቲ ሕጋዊ Mindestlohn ወሰኽ እንዳተገብረሉ ይመጽ ኣሎ




# Tariflohn

ገሊኦም ኣስራሕቲ ናይ Tariflohn ይኸፍሉ እዮም። Tariflohn ኣብ መንጎ Gewerkschaft ኣስራሕ ትን ወይ ማሕበራት ኣስራሕትን ብዝግበር ስምምዕ ዝዉሰን ኢዩ. መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ዝትወሰነ ፈደራላዊ ዘባ ንዚርከብ ፍሉይ ኢንዱስትሪ ዝመልክት ከኣ እዩ።

## Tariflohn ናይ ምርካብ መሰል ዘለዎ መን ኢዩ?

ብመትከል፡ ንስኻ ኣባል'ቲ ማሕበር ሰራሕተኛታት **ከምኡውን** ኣስራሒኻ ኣባል ማሕበር ኣስራሕቲ ምስ እትኾኑ ብሓባራዊ ስምምዕ ዝተወሰነ Tariflohn ክትረክብ መሰል ኣለካ። እቲ ሓባራዊ ስምምዕ ኣካል ናይ ውዕል ስራሕካ ምስዝኸዉን ድማ Tariflohn ክትረክብ መሰል ኣለካ። ኣስራሕቲ'ዉን ነቲ Tariflohn ብፍታው ኪኸፍልዎ ይኽእሉ እዮም።

**እንተኹነ ግን!** ኣባላት'ቲ ማሕበር ሰራሕተኛታት ዝኾኑ ጥራይ ኢዮም ካብቲ ኣብ ትሕቲ ናይ ሓባር ስምምዕ ዘሎ ረብሓታት ናይ ምርካብ ሕጋዊ መሰል ዘለዎም ። > https://www.dgb.de/service/einkommen-tarif

ፌደራላዊ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ጒዳያትን እቲ ሓባራዊ ስምምዕ ሓፈሻዊ ተግባራዉነት ኣለዎ ኢሉ ምስ ኣዊጁ ግና ንኹሎም እቶም ኣብ ሓደ ኢንዱስትሪ ዘለዉ ሰራሕተኛታት ዚምልከት ይኸዉን።

## ደሞዝ የለን! እንታይ ክገብር ይኽእል?

- ኩሉ ግዜ ነቲ እትሰርሓሉ ሰዓታት ጽሓፎ!
- ኩሉ ግዜ ነቲ እትኽፍሎ Lohnabrechnung ብእዋኑን ኣዕሚቑኳን መርምሮ!
- ጌጋታት ወይ ዘይግቡእ ነገር እንተ ኣልዩ ቀልጢፍካ ስጉምቲ ውሰድ!
- ብዛዕባ እቲ ደሞዝ ዘለካ ቅሬታ ንኣስራሒኻ ብጽሑፍ ኣቕርብ።
- ኣስራሒኻ ግቡእ መልሲ ምስዘይህብ ደሞዝካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፡ ኣብ ቤት-ፍርዲ እውን ክሲ ክትምስርት ይከኣል ኢዩ።

**ኣገዳሲ!** ምስ ክፍሊት ደሞዝን ኮነ ምስ ጥብቕና ናይ ቤት ፍርዲ ዚተሓሓዝ ጸገማት ምስዘጋጥመካ ምስ ናይ ፍትሓዊ ዉህደት ማእከል ኣገልግሎት ምኽሪ ምርኻብ ይከኣል ኢዩ። ብሓጎስ ክንድግፈካ ከኣ ድልዋት ኢና!